# ሕልሚ ደርሁ!



ሓያል ኖህ ማይ ወቺዑ - እቱ ዓብዩ ኣንጭዋ
ኣእዳዉ ኣጣቚዑ - እዛ ማይ ረኣይዋ
እትበልዑ’ሞ ብልዑ - በዛ ዓቐብ ውጽዋ
　　መን ይዝለሎ! - ሓዞ፣ በሎ!
　　ይብሃልዶ ይብሃል እዩ? - እወ ይብሃል!



መሰስ-መሰስ በሉታ - ዝሐዝዎ ጨሪሶም
ሓቂ፣ ሓሶት፣ ኣሉታ - ኣሰ-ስናኖም ነኺሶም
ኣብዛ ሓንቲ ሰተታ - በታ ውሕጅ ፈሲሶም
　　ሰኽፍታ - ወዲኣታ!
　　ይብሃልዶ ይብሃል እዩ? - እወ ይብሃል!

ሩባ ውሕጅ መሊኡ - መንከ’ሞ ይሳገሮ
ክሻዕ ፈትዩ ጸሊኡ - ዝገበረ ዝገብሮ
ዘይሞተ ‘ንተ ሃሊኡ - ንዓመታ ይዕቐሮ
　　ብዘይ ምፍራሕ! - ጽራሕ፣ ምራሕ!
　　ይብሃልዶ ይብሃል እዩ? - እወ ይብሃል!



ኣብ ሰተታ ሰሪሮም - ቅንጥሻራ ኣጽሊሎም
ክንቲት ሰይፊ ‘ብኢዶም - መሸረፈት ተጸምቢሎም
ቀጢኖምዶ ረጒዶም - ዓቢዶም፣ ተጸሊሎም!
　　ዓቢሮም ዶ - ሃጢሮም!
　　ይብሃልዶ ይብሃል እዩ? - እወ ይብሃል!



ብጉያ ’ባ ወረዱ - እንተ ፈትዮም ጸሊኦም
በታ ቑልቁለት ከዱ - ንሱንዶ መራሒኦም
ብማዕዶ እናንጎድጎዱ - ገባሪ ሓዳጊኦም
　　ሸታሕ-መታሕ! - ሥራሕ ምፍታሕ!
　　ይብሃልዶ ይብሃል እዩ?  እወ ይብሃል!

በናጹ ተጸፍጺፉ - ንቕድሚት ተወርወረት
ብድንገት ተጠሊፉ - ኣብ ኣዙሪት ኣተወት
ሰተታ ተንሳፊፉ - ሕምበለል እናበለት
　　ዕልው-ልው - ቅልው-ልው
　　ይብሃልዶ ይብሃል እዩ?- እወ ይብሃል!



ብማይ ፍልፍል ዝነቕዔ - ገፊሕ ሰተታ ሰፍኢ
ብምድዋ እተወቕዔ - ጻዕዳ ሕልበት ብቕብኢ
ማእኽሉ ዝጠልቕዔ - ቀይሕ ሽጉርቲ ዝብኢ
ምልስ-ልስ - ውሕጥ ኩልስ!
ይብሃልዶ ይብሃል እዩ?- እወ ይብሃል!



ናብ አኼባ አናጹ - መንከ ሽም ዝአዘዞም
ምስ ደማሙ ኽመጹ - ብቐደሙ ፈዚዞም
ወረ ዘየዳመጹ - ኽንቲት ሰይፊ መዚዞም
ውግእዮ! - ለሚድናዮ!
ይብሃልዶ ይብሃል እዩ? - እወ ይብሃል!

ወሪደን ሩባ-ሩባ - ፈሊጸን ዝሰበራ
አናጹ ኽየቕርባ - ስምምዕ ዝገበራ
ኮበርታ ኽድርባ - ምስ ደማሙ ሓበራ
ብእሹሩሩ! ንሽራሩ!
ይብሃልዶ ይብሃል እዩ? - እወ ይብሃል!



'ንካብ ማይ መበስበስታ - ቶም ምሕማስ ዝኽእሉ
ብ'ንዳ ስዋ መሸታ - ብገደል እናዘለሉ
ካብ ዝናብ ከዕቐሉታ - ጠ-ጠሊቖም ጠሐሉ
መኽታ - ጻዕዳ ጣይታ
ይብሃልዶ ይብሃል እዩ? - እወ ይብሃል!

እቱ ሰማይ ደቢኑ - ንገዛ እተውታ
ደጊምስ ጽሒያ ኮይኑ - ንጋሻ መሰነይታ
ሰብ መዓስ ተመስጊኑ - ንዓመታ ጽንሑታ
ሕንክርክር - ሕንሽርሽር
እወ ይብሃል! እወ ይብሃል! እወ ይብሃል!

ገ/ኢ. ጐርፋ።

*Back to Meskot*

---

***The views reflected in the above poem/article are solely of the author and are not necessarily shared by** Meskot**. You may contact G.E. Gorfu for comments at** gegorfu@yahoo.com**.***